# ምንካይ ክፍሊት መውዓሊ ሕጻናትን ኤስኤፍኡን / SFO ካብ ወርሒ ሰነ 2021

**መውዓሊ ሕጻናት**

## ዓመታዊ እቶት ትሕቲ 592 167 ክሮነር ዝኾኑ ስድራቤታት፡ ናይ ወለዲ ክፍሊት ይጒድል።

እቶም ብሓንሳብ ዝነብሩ ድምር ዓመታዊ እቶቶም ትሕቲ 592 167 ዝኾነ፡ ክፍሊት መውዓሊ ሕጻናት ክንክየሎም ከመልከቱ ይኽእሉ እዮም። ብዙሓት ቈልዑ እንተ ኣልዮምኻ ንነፍስወከፍ ቈልዓ ክትሓትት ኣይትረስዕ።

**ተወሳኺ ናጻ ክፍሊት ኣብ ቀንዲ ሰዓታት/ kjernetid ናይ ስድራቤታት ዓመታዊ እቶት ትሕቲ 583 650 ክሮነር ዝኾነ**

ናጻ ክፍሊት ኣብ ቀንዲ ሰዓታት/ kjernetid ማለት፡ እቲ ሕጻን ኣብ ሰሙን ብዘይ ክፍሊት 20 ሰዓታት ኣብ መውዓሊ ሕጻናት ክኸይድ ይኽእል ማለት እዩ። ውላድካ ኣብታ 2 ዓመት ዝመልኣላ ዓመት፡ ካብ ወርሒ ነሓሰ ጀሚሩ ኣብ ቀንዲ ሰዓታት ብዘይ ክፍሊት ክኸይድ ይኽእል። ዝጒደለ ክፍሊት ወለዲ ክግበረልካ እንተ ኣመልኪትካ፡ እቶት እታ ስድራ ቤት ትሕቲ 583 650 ክሮነር እንተኾይኑ ኣብተን ቀንዲ ሰዓታት ብቐጥታ ካብ ክፍሊት ናጻ ይኸውን።

**ኤስኤፍኡ/SFO**

ዓመታዊ እቶት ትሕቲ 505 083 ክሮነር ዝኾኑ ስድራቤታት፡ ናይ ወለዲ ክፍሊት ይጒድል።

እቶም ኣብ ሓደ ስድራቤት ብሓንሳብ ዝነብሩ፡ ድምር ዓመታዊ እቶቶም ትሕቲ 505 083 ክሮነር ዝኾነ፡ ኣብ ኤስኤፍኡ/SFO ክፍሊት ክጒድለሎም ከመልከቱ ይኽእሉ እዮም።

**ናጻ ኤስኤፍኡ ንቀዳማይ ክፍሊ ተመሃሮ፡ ናይ ስድራቤታት ዓመታዊ እቶት ትሕቲ 350 000 ክሮነር ዝኾነ**

ኣብ ኤስኣፍኡ ዝጒደለ ክፍሊት ወለዲ ክግበረልካ እንተ ኣመልኪትካ፡ ውላድካ ኣብ ቀዳማይ ክፍሊ ዝመሃር እንተኾይኑ፡ እቶት እታ ስድራ ቤት ከኣ ትሕቲ 350 000 ክሮነር እንተኾይኑ፡ ብቐጥታ ካብ ክፍሊት ናጻ ይኸውን።

**ብኸምዚ ኢኻ ተመልከት**

ብኤለክትሮኒካዊ ኣገባብ ኢኻ ተመልከት። ምስቲ ምልክታ ብቑዕ ሰነድ ኣተሓሕዝ። ብመንገዲ ኢደ ፖርተን/ID porten (ባንክ ኢደ፡ ሚንኢደ ወይ ተመሳሳሊ) እቶ ንኽተመልከት።

**እቲ ናይ ምልክታ ቅጺ/ፎርም ኣብዚ ትረኽቦ፡**

www.bergen.kommune.no/redusert-foreldrebetaling

**ኣየናይ እዩ ተቐባልነት ዘሎዎ ሰነድ**

- ኣብ ሓደ ስድራቤት ምስቲ ሕጻን ብሓባር ዝነብሩ ዓበይቲ፡ ናይ 2020 ጸብጻብ ዓመታዊ እቶት/ Skattemelding 2020 ምስቲ ምልክታ ክተሓሓዝ ኣለዎ።

- ምስቲ ጸብጻብ ዓመታዊ እቶት ተዛሚዱ ክርአ ከሎ፡ ኣብ እቶት ዓቢ ምቅይያራት እንተ ሃልዩ፡ እተን ናይ መወዳእታ ሰለስተ ኣዋርሕ ናይ ደሞዝካ ጸብጻብ/lønnslipp ኣተሓሒዝካ ክትልእኮ ትኽእል ኢኻ።

- ካብ ስራሕ ግዜኣዊ ደው ኢልካ እንተ ኼንካ/ permittert፡ ካብ ወሃቢ ስራሕካ ንዕኡ ዝምልከት ሰነድ ኣተሓሒዝካ ክትሰደድ ትኽእል ኢኻ።

- ካብ ሎነካሰን ሓገዝ ንትምህርቲ ከም ዝተፈቐደልካ ውሳኔን ናይ ቤት ትምህርቲ ምስክር ወረቐትን

- ውሳኔ ንማሕበራዊ ደገፍ ካብ ናቭ/ወይ ምቕራጽ ማሕበራዊ ደገፍ ካብ ናቭ

- ካብ ናቭ  ጌና መብርሂ ትጽበ እንተ ሃሊኻ፡ እዚ ብሰነድ ክቐርብ ኣለዎ።

- ናይ ሕጂ ዘሎ እቶት ካልእ ሰነዳት

**ጸብጻብ ዓመታዊ እቶት/ skattemelding የብለይን**
ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ኖርወይ ዝተቐመጡ ኩላቶም ጸብጻብ ዓመታዊ እቶት ኣለዎም፡ ነዚ ምስቲ ምልክታ ክተሓሕዙዎ ኣለዎም። ኣብ ኖርወይ ሕጂ ዝመጻእካ እንተ ኼንካ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ጸብጻብ ዓመታዊ እቶት ዘይብልካ እንተኼንካ፡ ኣብ ኖርወይ ዝጸናሕካሉ ግዜ መረጋገጺ ሰነድ ኣቕርብ።

**እዚ ምልክታ ካብ መዓስ የገልግል**
ንምጒዳል ናይ ወለዲ ክፍሊት ዝምልከት  ካብቲ ወርሒ ምልክታ ዝተረከበሉ ስዒቡ ዝቕጽል ወርሒ ኣብ ግብሪ ይውዕል። እቲ ምልክታ ተቐባልነት ምስ ረኸበ እቲ ውሳኔ ክስደደልካ እዩ።

**ናይ ኖርወይ መለለዪ ቊጽሪ የብለይን / ብኤለክትሮኒካዊ መንገዲ ከመልከት ኣይክእልን እየ**
ምስ ኮሙነ በርገን ኣብ ኢንቢገርሰርቪስ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ነበርቲ / Innbyggerservice, i Kaigaten 4. ርክብ ግበር።  ኣብኡ ብኤለክትሮኒካዊ መንገዲ ምልክታ ክትሰድድ ክሕግዙኻ እዮም፣ ወይ ድማ ናይ ኖርወይ መለለዪ ቊጽሪ እንተ ዘይብልካ  ብኢድ ኣብ ወረቐት ከተመልከት ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ምልክታ ንክተቕርብ፡ ብቑዕ ወረቐት መንነትን ሰነዳትን ነቲ ምልክታ ዝኸውን ሒዝካ ምጻእ። ቊጽሪ ስልኪ ናይ ኢንቢገርሰርቪስ/ Innbyggerservice 55 56 55 56 እዩ።

**ኣስተውዕል! ንነፍስወከፍ ዓመተ ትምህርቲ መውዓሊ ሕጻናት ምምልካት ዘክር!**
ውሳኔ ምጒዳል ክፍሊት ወለዲ ንመውዓሊ ሕጻናት ንሓደ ዓመት ጥራይ እዩ ዘገልግል። ኣብ ወርሒ ነሓሰ ምጒዳል ክፍሊት ክትረክብ፡ እንተደንጒኻ ኣብ ውሽጢ ወርሒ ሓምለ ምልክታ ክትሰድድ ኣለካ።